## ምምስራት ግንባር ናቕፋ

## ናቕፋ፡ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

## (8ይ ክፋል)



ሰሎሙን በርሀ

ጸረ-መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት (ተበግሶ 2-16 ታሕሳስ 1979) ካብ መፋርቕ 1978 ክሳብ መፋርቕ 1979 ዝነበረ መድረኽ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ዝሰፍሐ ሓራ ቦታታት ኤርትራ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ብምግባር፡ ሓሙሽተ ከበድቲን መረርቲን ወራራት ኣምኪኑ ህላወኡ ዘረጋገጸሉ፡ ወሳኒ መድረኽ ብረታዊ ቃልስና እዩ። ብኣንጻሩ፡ ወራሪ ሰራዊት ኢትዮጵያ ከቢድ ናይ ሰብን ኣጽዋርን ክሳር ተሰኪሙ፡ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ናይ ምድምሳስ ውጥኑ ዝፈሸለሉ ነበረ። ድሕሪ ሓሙሻይ ወራር ከኣ፡ ናይ ምድኻም ኣንፈቱ ጎሊሑ ተራእየ። ብመንጽሩ እቲ ሓሙሽተ ወራራት መኪቱ ዘፍሸለ ህዝባዊ ሰራዊት ብቕዓቱን ሞራሉን ርእሰ-ምትምማኑን ናብ ዝበረኸ ደረጃ ዓረገ። ድሕሪ ሓምሻይ ወራር፡ ብወገን ደርግ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝኣክል ዝኾነ ናይ ወራር ምቅርራብ ኣይተራእየን። እዚ ከኣ ምልክት ድኻሙ ነበረ። ኩነታት ሰራዊት ጸላኢን ወገንን ብምግምጋም ድማ፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ ንጸላኢ ኣጸቢቑ ንምድኻምን ንብረቱን ኣጽዋራቱን ብምምንዛዕ ጉልበት ተኹሲ ንምዕባይን፡ ብቐንዱ ኣብ ግንባር ናቕፋ ከም ተወሳኺ ከኣ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል መጥቃዕታዊ ተበግሶ ክውሰድ ወሰነ። ድሕሪ ሓምሻይ ወራር ኣብ ኣተሓሕዛ መከላኸሊ መስመር ህዝባዊ ሰራዊትን ኣብ ወሰኽ ኣሃዱታትን ቅሩብ ለውጢ ተገይሩ ነበረ። ብርጌድ 58 ብጸጋም፡ ካብ ኣንደብ ብእንዳ-ዱባለ ኣቢላ ክሳብ ከባቢ ፊደል-ፐ ክትኣስር እንከላ፡ ብርጌድ 51 ድማ ካብ ጽርግያ ናቕፋ ጀሚራ ንደንደን ካብኡ ንየማን ዘሎ ቦታታት ሒዛ ነበረት። ብርጌድ 77 ከባቢ ፋርኄሎ ናኹራን ካብኡ

ንየማን ዘሎ ቦታታትን ክትሕዝ እንከላ፡ እታ ክሳብ መወዳእታ ሓምሻይ ወራር ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝነበረት ቦጦሎኒ 3 ብርጌድ 70፡ ድሕሪ ፍሽለት 5ይ ወራር ናብ ናቕፋ ከምእትመጽእ ስለዝተገብረ፡ ብርጌድ 70 ኩላ ተጠርኒፋ፡ ምስ ብርጌድ 77 ተኣሳሲራ ካብ እምጀሓት ክሳብ ፊት እምባ ዝርከብ ስጋድ-ዓቢ ዓረደት። ቦጦሎኒ ከቢድ ብረት 76.3 ድማ ከም ወሃቢት ደገፍ ኣብ ኩሉ ግንባር ተዘርጊሓ ነበረት። እቲ ሽዑ ውልዶ ዝነበረ መካናይዝድ ኣሃዱ፡ ክልተ ቲ-55 ታንክታት ብሸንኽ ፊርኔሎ፡ ክልተ ቲ-55 ታንክታት ምስ ክልተ ኣምፊብያን ኣብ ፊደል-ፐ፡ ክልተ 122 ሚሊ ሜትር ምስ ሓደ 76 ሚሊ ሜትር ድሕሪ ፊደል-ፐ ኣብ ዝርከብ ቦታ ተኺሉ፡ ኣብ ከባቢ በያን (እንዳጀማሂር) ናብ ዝነበረ መዳፍዕን ረሻሻትን ጸላኢ፡ ከምኡ'ውን ናብ ታባ ኢትሓለበብ ኣሲሩ ድልው ነበረ። ብዘይካ'ዚ ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ካብ ብርጌዳት 4፡ 23፡ 31፡ ሓሓደ ቦጦሎኒ ብድምር ሓደ ብርጌድ ብገረዝግሄር ዓንደማርያም (ውጩ) ዝምራሕ ኣብቲ መጥቃዕቲ ከምዝሳተፍ ተገብረ። ዕርዲታት ጸላኢ ካብ ጸጋም ንየማን ካብ ሰንሰለት ጎቦ ኢትሓልበብ፡ ብግርዕ ኣፍርስ፡ ዓመልቶ፡ ጨጓር ታባ ገይሩ ንሩባ ሕዳይ ቜሪጹ፡ ንጓል ደንደን ደይቡ፡ ብሓሬና፡ ጠባይት፡ ቀብር-ጻዕዳ ኣቢሉ፡ ክሳብ እምባ ተዘርጊሑ ነበረ። ኣብዚ ዕርዲታት'ዚ፡ ኣሃዱታት ግብረ-ሃይል 508 ሀን ለን ብምሉኣን፡ ገለ ኣሃዱታት ካብ ግብረሃይል 506፡ (እቲ ቀንዲ ሓይሊ 3ይ ክፍለ-ጦር እዩ)፡ መካናይዝድ ቦጦሎኒታት (ሻለቃታት) መድፍዕን ረሻሽን ታንከኛን ኣደልዲለን ዓሪደን ነበራ። ውጥን መጥቃዕቲ ብድሮ ማለት 1 ታሕሳስ 1979 ንኣሃዱታት ተዋህበ። ኣብ ቀዳማይ ኣንፈት መጥቃዕቲ ዝተመደበት ብርጌድ 77፡ ብየማናይ ጫፍ ግንባር ናቕፋ፡ ካብ እንጅሓት ተበጊሳ ንኣኽራናት ጠባይት፡ ቀብር-ጻዕዳን እምባን ተቈጻጺራ፡ ብበያን ተነቝታ ሩባሕዳይ ክትዓጹ፡ ኣብ ካልኣይ ኣንፈት መጥቃዕቲ ዝተመደባ ብርጌዳት 70፡ 51፡ ከምኡ'ውን 2 ቦጦሎኒ ናይ ብርጌድ 58 ምስተን ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል መጺኣን ዝተደረባ ኣሃዱታት ኣብ ማእከላይ ግንባር ካብ ቀዋሚ ዕርድታት ተበጊሰን ንቕድሚት ክውርወራ፡ ኣብ ሳልሳይ ኣንፈት መጥቃዕቲ ጸጋማይ ጫፍ ከኣ፡ ሓንቲ ቦጦሎኒ ናይ ብርጌድ 58፡ ከምኡ'ውን 2 ሓይሊ ናይ ብርጌዳት 51ን 77ን ምስ ሓንቲ ጋንታ ኣጋር ከቢድ ብ ረ ት ተሰሊፈን ነበራ። 2 ታሕሳስ 1979 ወጋሕታ፡ ናይ ዜሮ ሰዓት ንምምልካት ሓባሪ ጠያይት ምስ ተተኰሰ፡ ካብ እንጅሓት ብደብዳብ ሞርታራትን ረሻሽን ዝተሰነየ ሃንደበታዊን ቅጽበታዊን ህጁም ብኣሃዱታት ብርጌድ 70 ጀሚሩ ናብ ምሉእ ግንባር ለሓመ። ኣብቲ ን24 ሰዓታት ብዘይምቁራጽ ዝተኻየደ ውግእ፡ ብቐዳማይ ኣንፈት መጥቃዕቲ

ዝተመደባ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ስትራተጂያውያን ኣኽራናት ጠባይት፡ ቀብር-ጻዕዳን እምባን ተቼጻጸራ። ኣብ ካልኣይ ኣንፈት መጥቃዕቲ ዝተመደባ ኣሃዱታት ብርጌድ 77 ምዕባለታት ናይቲ ውግእ ክትከታተላ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብቐጥታዊ ተኹሲ ታንክታትን ረሻሽትን ደብዳብ ሞርታራትን ተሰንየን፡ 3 ታሕሳስ ወጋሕታ ካብ ከባቢ ፈርኄሎ ክሳብ የማናይ ተረተር ጎቦ ደንደን ኣብ ዝዝርጋሕ ቦታታት መጥቃዕቲ ፈነዋ። ድሕሪ ናይ ሸውዓተ ሰዓት መሪር ግጥም ከኣ፡ ዕርዲ ሓሬናን ከባቢኡን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቍጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ኣተወ። እዚ ክፋል መጥቃዕቲ'ዚ ምስ የማናይ ክንፊ ምትእስሳሩ ኣረጋገጸ። ሰራዊት ደርግ ኵሉ ኣጽዋራቱ ናብታ ኣገዳሲት ዕርዱ ዝነበረት ሓሬና ኣቕኒዑ ቦታኡ ንምምላስ ቀጻሊ ፈተነታት ኣካየደ። ኵሉ'ቲ ኣገደስቲ ዝበሃል ስትራተጂያዊ ቦታታት ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ኣትዩ ፈተነታቱ ምስ በርዓነ ከኣ፡ ኣብ ቅድሚት ኣሰሊፉዎ ዝነበረ ኣጽዋር ንድሕሪት ክስሕቦ ጀመረ። ናብ 4 ታሕሳስ ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ከኣ፡ ውግእ ሃዲኡ ሓደረ። 4 ታሕሳስ ወጋሕታ ሰዓት 5፡ 30 ኣብ ማእከላይን ጸጋማይን ግንባር ዝተሰለፋ ብርጌዳት 51፡ 58 ካልኦት ተደርብቲ ሓይልታትን፡ ካብ ደንደን ክሳብ ኣጻድፍ ናሮ ዓሪዱ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ሰራዊት፡ በርቃዊ መጥቃዕቲ ፈነዋ። ኣብዚ ውግእ'ዚ፡ ኣባላት ሃንደሳ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ከይተፈልዩ፡ ኣብ ጨጓር-ታባ ጸላኢ ብጻዕቂ ዝቐበሮ ነተጕቲ እናውጽኡ መስመር ህጁም ኣብ ምጥጣሕ ልዑል ተራ ተጻወቱ። ተጋደልቲ፡ እቲ ካብ ነፈርትን ካብ መሬትን ከም ማይ ኣይሂ ዝዘንቦም ዝነበረ ቦምባታት ናፓልም፡ ተወንጫፊ ሮኬታትን መዳፍዕን ከየሰናኸሎም ንቕድሚት ተወርወሩ። ድሕሪ ናይ ሸውዓተ ሰዓታት ዕረፍቲ ዘይነበሮ ውግእ ድማ፡ ኣኽራናት ዓመልቶ፡ ግርዕ ኣፍርስን ታሕተዋይ ኮረቢት ኢትሓለበብን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ኣተወ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ብየማን ዝቐጸለ መጥቃዕቲ ከኣ፡ ንሰራዊት ደርግ ኣብ ከባቢ በያን ከም ዝእከብ ገበሮ። ናብ 5 ታሕሳስ ዘውግሐ ለይቲ ከኣ ብክልተኡ ወገን ውግእ ጸጥ ኢሉ ሓደረ። ወጋሕታ 5 ታሕሳስ ህዝባዊ ሰራዊት መጥቃዕቱ ቀጸለ። ድሕሪ ናይ ኣስታት 28 ሰዓታት ዝወሰደ ብወገን ጸላኢ ብርቱዕ ደብዳብ ዝተኻየደሉ ከቢድ ውግእ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ነቲ ኣብ በያን ዝነበረ ቀንዲ መዓስከር ጸላኢ 6 ታሕሳስ ከባቢ ፍርቂ መዓልቲ ተቘጻጸሮ። መሳርዕ ሰራዊት ጸላኢ ዝርግርግ ኣትዩዎ፡ ብዝሒ ዘለዎ ኣጽዋር ክማረኽ ጀመረ። ኣብዚ መዓስከር በያን ንምቁጽጻር ዝተኻየደ ውግእ፡ እተን ውሑዳት ታንክታት ህዝባዊ ግንባር ዝተጻወተኦ ተራ ተዘካሪ እዩ። ብዘይካ'ተን ብወገን በያን ዝነበራ ታንክታት ከኣ፡ እተን ኣብ

ማእከላይ ግንባር ተሰሊፉን ዝነበራ ክልተ ቲ-55 ታንክታትን ክልተ ኣምፌብያንን፡ ኣሃዱታት ብርጌድ 51 ንቕድሚት ምስ ሰጎማ፡ ብጽርግያ ናቕፋ ወሪደን፡ ንስትራተጂያዊ ጎቦ ኢትሓለብብ ብቐጥታዊ ተኹሲ ክሃርምኦ ወዓላ። ኣብ ሳልሳይ ኣንፈት ውግእ፡ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ከምቲ ዝድለ ንኸይሰጉም ዝዓንቀጾ ከቢድ ኩነት ኣጋጢሙ። ብፊት-ፊት መጥቃዕቲ ጎቦ ኢተሓለብብ ንምህጃም ተደጋጋሚ ፈተነ ተኻይዱ ኣይሰለጠን። ክሳራታት እናበዝሐ ምስ ከደ ድማ፡ ካልእ ሜላ ክፍጠር ነይሩዎ። በዚ መሰረት ሓንቲ ቦጦሎኒ ብርጌድ 58፡2፡ ክልተ ሓይልታት ናይ ብርጌድ 51ን ብርጌድ 77ን ምስ ሓንቲ ጋንታ ኣጋር ከቢድ ብረት ዝሳተፉኦ፡ ናብ ጎልጎል ናሮ ብምውራድ፡ ብሩባ ጉድ ተጠዊኻ፡ ንኢትሓለብብ ብድሕሪት ናይ ምጥቃዕ መደብ ተሓንጺጹ፡ ነቲ ውጥን ንምትግባር እተን ኣሃዱታት 9 ታሕሳስ ብኣዛዚ ብርጌድ 58 ተጋዳላይ ኢሳይያስ ተወልደብርሃን (ወዲ ፍላንሳ) ተመሪሐን ወጋሕታ ተበገሳ። ድሕሪ ናይ 24 ሰዓታት ኣድካሚ ጒዕዞ ከኣ፡ ቍሩብ ኣዕሪፈን፡ ኣብ ወጋሕታ 10 ታሕሳስ መጥቃዕተን ጀመራ። ን19 ሰዓታት ዝኣክል ልዑል ጅግንነት፡ ተወፋይነትን ተጻዋርነት ዝተራእዮ ግጥም ብምክያድ ድማ፡ 11 ታሕሳስ ለይቲ ንሰንሰለታዊ ጎቦታት ኢትሓለበብ ምሉእ ብምሉእ ተቘጻጸርኦ። እቲ ውግእ ኣብ መንጎ ክልተ ሃው ዝበለ ኣጽዳፍ ኣብ መገለባጢ ዘይነበሮ ተረተር እዩ ዝካየድ ነይሩ። ኣብዚ ግጥም'ዚ ገለ ተጋደልቲ ብጥይት ምስ ተወግኡ መዕለቢ ቦታ ስለ ዘይነበሮም፡ ናብቲ ነዊሕ ገደል ክጸድፉ ይርኣዩ ምንባሮም ነዚ መሪር ግጥም'ዚ ዝተሳተፉዎ ተጋደልቲ የዘንትዉ። ድሕሪ ምትሓዝ ኢትሓለብብ፡ ጸላኢ ብክልተ ጐድንን ቅድሚትን ተለብሊቡ፡ ኣብ ከበባ ክኣቱ ስለ ዝጀመረ፡ መኸዘናት ኣጽዋሩን ስንቁን ካልእ ንብረቱን ንምቅጻል ተቐዳደመ። እንተኾነ፡ እቲ ቀዳማይ ንህድማ ዝተበገሰ ቃፍላይ 25 ዝኾና ተሸከርከርትን ታንክታትን ሒዙ ኣብ ታሕታይ ሕዳይ ምስ በጽሐ፡ ሓንቲ ትመርሕ ዝነበረት ተሸከርካሪት ኣብ ውሽጢ መስመር ጸላኢ ዝነበሩ ኣባላት ወተሃደራዊ ሃንደሳ ዘጻወድዎ ፈንጂ ረጊጻ ተረኹመሸት። ካልኣይቲ ተሸከርካሪት ብኣርፒጂ ተደጊማ ድማ ልክዕ ከም ናይ 1988 ኩነታት ዓሾሮም ኣጋጢሙ መንገዲ ተዓጽወ። ሩባ ሕዳይ ድሮ የማነ-ጸጋም ብዝተወንጨፉ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ተዓጽዩ ነበረ። በዚ ድማ ኣብ ከባቢ በያን ዝነበረ ኣጽዋር ተኸርዲኑ ተረፈ። ህዝባዊ ሰራዊት ግስጋሰኡ ዓቂቡ ንሓራስ ሓርማዝ ገጹ ሰጎመ። እተን ብሩባ-ምዖ ዝኣተዋ ታንክታት ህዝባዊ ግንባር ምስ ኣጋር ኣሃዱታት ንክብክብ ገጸን ቀጸላ። እቲ ብሕዳይ ዝኣተወ ታንከኛ ግን፡ ንብረት ናይ ምእላይ ሓላፍነት ስለ ዝተሰከመ፡ ታንክታቱ ዓሺጉ

ምስቶም ካብ ክፍሊ መጓዓዝያ ዝመጽኡዎ ኣባላት እናተሓጋገዙ ኣብ ምእላይ ምድሓንን ንብረት ተጸምደ። ሰራዊት ደርግ ኣብ ክብክብ (ዕርዲ ጥልያን) ንክልተ መዓልቲ ክከላኸል ፈተነ። ኣዝዩ ተዳኺሙ ስለ ዝነበረ ግን መጥቃዕቲ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ክጻወሮ ኣይከኣለን። ሓንቲ ቲ-55 ታንክ ገዲፉ ድማ ንዓሸርም ገጹ ተመርቀፈ። ኣብዚ ብኣንጸባራቒ ዓወት ህዝባዊ ሰራዊት ዝተደምደመ መጥቃዕታዊ ተበግሶ'ዚ፡ ኣብ መዓስከር በያንን ሕዳይን ዝጸንሐ ሓያሎ ኣጽዋር ጸላኢ ተማረኸ። ሽዱሽተ ቲ-55 ታንክታት፡ ኣርባዕተ ኣምፌብያን፡ ሽዱሽተ መድፍዕ 85 ሚሊ ሜትር፡ ሽዱሽተ መድፍዕ 76 ሚሊ ሜትር ምስ መካይኑ፡ ሓሙሽተ ዙ-23 ሚሊ ሜትር ምስ መካይኑ፡ ሸውዓተ ረሻሽ ጸረ-ነፈርቲ ምስ መካይኑ ንብረት ሰውራ ኰነ። ብዘይካ'ዚ 45 ዝኾና ዝተፈላለያ ወተሃደራዊ መካይን ተታሕዛ። ሽዱሽተ ታንክታትን ካብ 30 ክሳብ 35 ዝብዝሓን መካይን ዓነዋ። ኣስታት 9 ሽሕ ወተሃደራት ተቐቲሎምን ቈሲሎምን፡ ልዕሊ ሽዱሽተ ሚእቲ ተማረኹ። ኣሽሓት ፈኲስ ብረት ክማረኽ እንከሎ ብርክት ዝበለ ዕጥቅን ስንቅን'ውን ብጻዕሪ ተጋደልቲ ካብ ባርዕ ተሪፉ ንብረት ሰውራ ኰነ። ኣብዚ ናይ 15 መዓልታት ውግእ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ንጸላኢ ካብ ኣፍደገ ናቕፋ ጸራሪጉ፡ ክሳብ ዓሸርም ከባቢ ኣፍዓበት በጽሐ። ብምብራቕ ካብ ጎቦ መድሃሮ ክሳብ መፈገርገሊል፡ ብምዕራብ ከኣ ክሳብ ከባቢ ኣይዳብ ተዘርጊሑ ድማ ዓረደ። ደድሕሪ'ዚ ናይ ናቕፋ ፍጻመ፡ ብ5 ጥሪ 1980፡ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብዝተወስደ ጸረመጥቃዕቲ፡ ሰራዊት ጸላኢ ክሳብ ኣውገት ከም ዝበጽሕ ተገብረ። በዚ ስርሒታት'ዚ ከኣ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ዝመረጾ ቦታን ግዜን ከጥቅዕ ዓቕሚ ከምዘለዎ ተረጋገጸ። እቲ ገዚፍ ወራሪ ሰራዊት ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ሓሙሽተኡ ወራራትን በዚ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት መጥቃዕቲታት'ዚን ኣጸቢቑ ተዳኸመ። ብኣንጻሩ ህዝባዊ ሰራዊት ነቲ ደርግ፡ "ሰውራ ኤርትራ ጠፊኡ እዩ" እናበለ ዘካይዶ ዝነበረ ፕሮፖጋንዳ ኣፍሺሉ፡ ሞራል ህዝቡ ኣሐዲሱ፡ ዓቕሚ ተኹሱ ኣገልቢቱ፡ ፍናኑን ርእሰ-ምትእምማኑን ኣሐየለ። ኣብዚ ታሪኻዊ ስርሒት'ዚ ዝተሰልበ ኣጽዋርን ተተኰስቲን፡ መካናይዝድ ኣሃዱ ህዝባዊ ግንባር ኣወዳድባኡ ከዕቢ ባይታ ፈጠረ። በዚ መሰረት ኣብ መጋቢትን ሚያዝያን 1980፡ ታንከኛ ቦጦሎኒ 76.4፡ ብሰለስተ ሓይልታት ከምዝቐውም ተገብረ። ቦጦሎኒ 76.5 ድማ፡ ብክልተ ሓይሊ መድፋዕ፡ ክልተ ሓይሊ ረሻሽ ቆመ። እዘን ኣሃዱታት ታንክ፡ መድፍዕን ረሻሽን ብድምር 63 ከበድቲ ኣጽዋር ዓጥቓ። ንጸላኢ ብብረቱ ብጥይቱ!